ዕላል ሰንበት
ምስ ሸፋቱ ህግደፍ ክሳዕ ንሰናበት

ብወደባት፡ ግርማይ ኪዳነ (ወዲ ፊሊፖ)
ሚላኖ-ኢጣልያ

9-12-2012

ደሞክራሲያዊ ምንቅስቓስ (መንካዕ) ምንቅስቓሰ ኣ.ሰ.ተ

ጸገሞም ሓደ

ከምታ ብጅምዓት ዘዕለልኩኹም ኣብ መዕረፍ ባቡር ቦሎኛ BOLOGNA ምስ ሮበርቶ ነግረን ዋና ጸሓፊ ማሕበር ተመሃሮ ኣፍሪቃውያን ኣብ ኢጣልያ ተራኺብና ካብ ዝነበረ መደብ ምኺድ ናብ ፓዶባ- PADOVA ኣቋሪጽና ኣብቲ ውሽጢ መደበር ባቡር ዝነበረ እንዳቡን ኮፍ መበሊ ዘለዎ ኮፍ ኢልና፡ ዕላልና ብምጅማር እቲ ናብኡ ክንመጽእ ዘድለየና ምኽንያት ብምሉእ ንምሕባር ንእቲ ዝትንስእ ዘሎ ሰልፊ ናጽነት ህዝባዊ ሓይልታት ምውጻእ ሓርነት ከተንሰኦ ዝገደዶ እንታይን ከመይን ኣብሪህና ብጭብጥታት ብምሕባር እዞም ብስም ውድብ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ዝንቀሳቐሱ ኸኣ ሃገራዊ ስምዒት ደሪኹዎም ድኣ እምበር እቲ ውሽጣዊ ቶንኮላት እንታይን ከመይን ፍጹም ኣፍልጠ ከምዘይብሎም ድሕሪ ምሕባር፡ ከምኡ እውን ኣብታ ዝተራኸብናላ መዓልቲ ንፖዳቫ PADOVA ናብኡ እናመጻእና ንእግረ መንገድና ኣብ ፈረንሰን- ቦሎኛን- ስሩዓት ተመሃሮ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ክንረኽቦም ዝተቛጸርና አቶም ናይ ፈረንሰ ከም ዝጠለሙና ኣብ ቦሎኛ ኸኣ፡ ዮውሃንስ ዘርእማርያም ከም ዝሃደመና እውን ሓቢርናዮ።

ብድሕሪ እዚ!!!

ተላዛቢና ሮቤርቶ ነግሪን እቲ ጉዳይ ሓድሽ ኮይኑዎ ንእቲ ንሕና ዝሓበርናዮን እቲ ስሩዓት <u>ተሓኤ </u>ዝበልዎን ከመሳኽር ገጽ ንገጽ ኣራኺቡ ከዘራርበና ካብ ዘቕረብናሉ ጠለብ ብሓጎስ ተቐቢሉ፡ ነቲ ጉዳይ ኣፍሪቃውያን ተማሃሮ እቲ ማሕበር ዝነበሩን ንሕናን እቶም ስርዓት ተጋድሎ ሓርነትን እንራኸበሉ ኣኼባ ክግበር ተሰማሚዕና።

እቲ ኣኼባ ዕሙር ንክኸውን!!

ብወገኑ ቦታ ክደልይ ንሕና እውን ብወገንና ክንደልይ ግን ከም ሓደስቲ ቀወምቲ ተሓባባርቲ ኽንረክብ ጸገም ከይረኽበና ምስ ሓበርናዮ፡ ትጉህ <u>ሮቤርቶ ነግሪን</u>፡ ንሕና ከም ትካል ምንቅስቓስ ንደሞክራሲነት ኣብ ኣፍሪቃ ብመንግስቲ ይኹን ብህልዋን ማሕበራት ፖለቲካ ኢጣልያንን ማሕበራት ተማሃሮ ጣልያንን ተቐባልነት ስለዘሎና ብውሕስነትና ናይ ኤርትራውያን ፖለቲካዊ ማሕበራት ኣኼባ ክንጽውዕ ቦታ ክፍቀደና ስለዝኽእል ናበይ ይሓይሽ ናበይ ይጥዕም ኣለሊና ክሕብረኩም እየ ኢሉ ምስ ዕውት ተስፋ ተሰናቢቱና። ንሱ ነቲ ናብ ምሳና ቆጸራ ገይሩ ስለዝነበረ ዝኾ ፓዶቫ PADOVA ገዲፉ፡ ናብ እቲ ብድሕሬና ተቛጺሩዎ ዝነበረ ከተማ ኸደ። ንሕና ኸኣ ቁጠባ ኩሉ ግዜ ተራ ስለዘለዎ እሞ እተን ወልደሚካኤል ኣብርሃ ካብ ጀርመን ሒዙወን ዝመጻ **ማርክ** ከይውድኣና፡ ኣነ ንሮማ ተመሊሰ ክጸንሖ ንሱ ኸኣ ንእግረ መንገዱ ኣብ ሚላኖ ክረኽቦም ዝኽእል ኤርትራውያን ተራኺቡ ተላዚቡ ንሮማ ክምለሰኒ ተሰማሚዕና ተሰናበትና።

ንሮማ ክምለስ እንከለኹ፡

ዑደትናን ርክባትናን ንጺጋይ ካሕሳይ ይኹን ንጠሃ መሓመድኑር ክነግሮም ከዕልሎም ከምዘይብለይ ተነጊረ- ወልደሚካኤል ንሚላኖ ኣነ ኸኣ ንሮማ ጉዕዞና ቀጸልና።

ወልደሚካኤል!!

ንሚላኖ በጺሑ ምስ ሓድሓደ ሰባት ተራኺቡ ንሮማ ተመለሰኒ እሞ፡ ኣብ ሮማ ይውሓድ እውን እምበር ብእተኻእለ መጠን ስሩዓት ክህልውና ኣድላዩ ስለዝነበረ ሓድ ሓደ ሰባት ኣኪብና ሓደ ጨንፈር መስረትና። ብድሕሪ እዚ ዋና ጸሓፊ ማሕበር ተመሃሮ ኣፍሪቃውያን ሮቤርቶ ነግሪን ምስ ጣሃ መሓመድኑር ተላዚቦም ኣብ መጀመርያ ወርሒ ነሓሰ 1973 ሓደ ኤውሮጳዊ ኤርትራውያን ኣኼባ እንገብረሉ ቦታ ኣብ ከተማ ፓቪያ PAVIA ዝበሃል መኤከቢ ቦታ ስለ ዝረኸቡልና ኣነን ወልደሚካኤልን እቲ ርክብና ምስ ሮቤርቶ ነግሪን ንሕብኣዮ ድኣ እምበር <u>ጸጋይን ጣሃን</u> ኩሉ ካብኡ ረኺቦምዎ ነይሮም። እዚ ኹሉ እናኾነ ኣብ ምስራዕ ኤርትራውያን ኣብ ሮማ ነቲ ውድብ ጠርናፊ ኣርናቢ ኣድላይነት ኣቦ ወንበር እናሃለዎ እሞ፡ ምስ እቲ ዝነበረ ኩነታትን ሃውህውን ነቲ ዝሰረትናዮ ውድብ ክሳዕ ዝድልድል <u>ጸጋይ ካሕሳይ</u> ኣቦ ወንበር ኮይኑ ክከታተሎ ሓሳብ ኣቕሪብ ወልደሚካኤል ከኣ ተቓወሞ፡ ተቓውሞኡ ኣብ ምምኽናይ ከኣ- ጸጋይ ካልእ ሓላፍነታዊ ዕማም ክወሃቦ ስለዝኾነ ድርብ ስራሕ ክንህቦ ንምድካሙ ድኣ እምበር ካልእ ፍረ ኣይክህልዎን ኢሉ ንሕጹይነት ኣቦ ወንበር <u>ጸጋይ ካሕሳይ</u> ዓገቶ።

<u>ቅጽል ኣቢሉ ኸኣ!!</u>

ኣብቲ ግዜ እቲ ድሓር መማጽእቲ ወልደሚካኤል ኣብርሃ ካብ ጀርመን ምኺኑ ዝፈለጥኩ፡ <u>ዮውሃንስ ገብረትንሳኤ</u> ዝበሃል ብወገነይ ኣብ ኣስመራ ኣኽርያ ገዝኡ ዝፈልጦ ዝነበርኩ ኣብቲ ኣኼባና ምሳና ስለዝነበረ እቲ ኣቦ ወንበርነት ንዑኡ ባዕሉ ወልደሚካኤል ኣብርሃ ሓላፍነት ሃቦ።

<u>በዚ ተሰማሚዕና፡</u>

እቲ ኣብ ሮማ ክግበር ዝነበሮ ስርርዕ ሰሪዕና። ብወገኑ ወልደሚካኤል ከኣ እቲ ኣነ ካብ ቦሎኛ ንሮማ ንሱ ኸኣ ንሚላኖ ዝተፈላላናሉ፤ ኣብ ሚላኖ ስሩዓት ገይሩ ምንባሩ ሓቢሩኒ። ንሙኒክ (ጀርመን) ተመሊሱ ድሕሪ ምቕናይ መዓልቱ ኣኺሉ እቲ ናይ ፓቪያ ዝመደብናዮ ኣኼባ ኣጋጣሚኡ ክልተ ኣጀንዳ ማለት ጥርናፌ ኤርትራውያን ንናጽነት ኣብ ኤውሮጳን ክትዕ ምስ ተመሃሮ ስሩዓት ተሓኤን ኣማእከልናዮ፡ ጅምዓት የራኽበና፤፤

ሰናይ ቅነ